LUZERN

# ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ

*ሓበሬታ ንወለዲ*

*Die Volksschule – Elterninformation*

*Tigrinya*

KANTON LUZERN

Dienststelle Volksschulbildung | volksschulbildung.lu.ch

# ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ካንቶን ሉዘርን - ደገፍ ንኹሉ ሰብ

ኩሎም ቆልዑን መንእሰያትን ኣብ ካንቶን ሉዘርን ዝርከባ ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ ብነጻ ክመሃሩ ይኽእሉ። ኩሎም ኣብ ናይ ሞያን ስራሕን ሂወት ማዕረ ዕድላት ይረኽቡ። እዚ ትምህርቲ'ዚ ብመሰረት ሕጊ ካብ 10 ክሳብ 11 ዓመት ይወስድ። ተሳታፍነት ኣብ ትምህርቲ ግዴታ ኮይኑ፡ ኩሉ ናውቲ ትምህርቲ ብነጻ ይዕደል። ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ንጥቡቕ ምትሕብባር ወለዲ፡ ዓቢ ግደ ይህባኦ።

## 1. ቅርጺ ትምህርቲ

| መዋእለ ህጻናት | ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ | ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ |
|---|---|---|
| መዋእለ ህጻናት<br>2 ዓመት<br><br>1 ዓመት ግዴታ እዩ | ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ<br>6 ዓመት | ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ<br>3 ዓመት<br><br>ደረጃ A<br>ደረጃ B<br>ደረጃ C |
| መባእታ ትምህርቲ<br>3 – 5 ዓመት | | |

**ምጅማር ትምህርቲ**

**ዕድመን፡ ክማልኡ ዘለዎም ጠለባትን**

ኩሎም ቆልዑ፡ እንተድኣ ቅድሚ 1 ሕዳር ዕድመኦም 5 ዓመት ኣኺሉ፡ ትምህርቲ ኣብ መዋእለ ህጻናት ወይ ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብታ ትቕጽል ወርሒ ነሓሰ ግድነት ይጅምሩ።

> እንተድኣ ገለ ቅድመ ኩነታት ተማሊኦም፡ ወለዲ ንደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ ክሰዱ ይኽእሉ። ንኣብነት ደቆም ብዘይሓገዝ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ እንተ ክኢሎም፡ እንተድኣ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰዓታት ክኽብሩ ክኢሎም፡ ክምኡ'ውን ባዕሎም ክዳን ክለብሱ እንተ ክኢሎም።

> እንተድኣ ሓደ ቆልዓ ትምህርቲ ክሳተፍ ብቑዕ ዘይኮይኑ፡ ወለዲ ምስ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ብምዝርራብ፡ እንተነውሐ ንሓደ ዓመት ናይ ምዝገባ ግዜ ክናዋሕ ይኽእል።

**መዋእለ ህጻናት ወይ መባእታ ቤት ትምህርቲ**

ናይ 2 ዓመት ትምህርቲ መዋእለ ህጻናት ወይ ድማ መባእታ ትምህርቲ ብገማይንደ ይወሃብ። እዚ መባእታ ትምህርቲ፡ 2 ዓመት መዋእለ ህጻናትን፡ እተን ናይ መጀመርታ 2 ዓመት ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲን የጠቓልል። እተን ክፍልታት ዝተሓዋወሰ ዕድመ ዘለዎም ተመሃሮ ይሕዛ። እዚ ማለት እቶም ብዕድመ ዝዓበዩን ዝነኣሱን ኣብ ሓደ ክፍሊ ይማሃሩን፡ እቶም መማሃራን ድማ ከይተቐየሩ ን4 ዓመታት ይጸንሑ። እቶም ንፉዓት ቆልዑ፡ ንመባእታ ትምህርቲ ኣብ 3 ዓመት ክውድኡ ይኽእሉ። እቶም ሕምቅ ዝበሉ ድማ ክሳብ 5 ዓመት ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ክጸንሑ ይኽእሉ።

**ናይ ትምህርቲ ግዜ**

ትምህርቲ፡ ኣብ መዋእለ ህጻናትን መባእታ ቤት ትምህርትን፡ ቅድሚ ቀትሪ ዘሎ ግዜ ን 5 መዓልቲ፡ ብክፍለ ግዜ ይወሃብ። ንኣብነት፡ ካብ ሰዓት 8፡00 – 11፡30 ዘሎ ግዜ፡ ምስ ዕረፍቲ ፍርቂ ሰዓት።

**ምሕላፍ ናብ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ**

ወለድን መማህራንን፡ ምሕላፍ ትምህርቲ፡ ካብ መዋእለ ህጻናት ወይ መባእታ ቤት ትምህርቲ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብሓባር ኮይኖም ይውስኑ።

**ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ**

ቀዳማይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ 6 ዓመት ይወስድ። ተመሃሮ፡ ድሕሪ መዋእለ ህጻናት ፡ 1 ይ ክፍሊ፤ ድሕሪ መባእታ ትምህርቲ ድማ 3 ይ ክፍሊ ይጅምሩ። ትምህርቲ፡ ንግሆ ንግሆ 5 መዓልቲ ብክፍለ ግዜ ወይ ፔረድ ይወሃብ። ናብ 5ይ ክፍሊ፡ መስርሕ ምስግጋር ትምህርቲ፡ ናብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ክፍሊ 1 ይጅምር። ቅድሚ እዚ መስርሕ ምጅማሩ ድማ፡ ወለዲ ካብ መምሃራን ሓበሬታ ይረኽቡ።

**ናይ ምስግጋር መስርሕ**

ኣብ`ዚ ናይ ምስግጋር መስርሕ፡ ምርጫ ይካየድ። ናይ`ቲ ቆልዓ ብቕዓት ኣብ ግምት ብምእታው፡ መምሃራን ምስ ወለዲ ብሓንሳብ ኮይኖም፡ ድሕሪ 6ይ ክፍሊ፡ ንውላዶም እቲ ዝበለጸ ትምህርቲ ይመርጹ። እዚ ማለት ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ክፍሊ ወይ ደረጃ A ክሳብ C ወይ ድማ ንውሕ ዝበለ ናይ ትምህርቲ ግዜ ጅምናሲዩም ማለት እዩ።

**ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ**

ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ 3 ዓመት ይወስድ። ብመሰረት መስርሕ ምስግጋርን፡ ብቕዓት ኣብ ግምት ብምእታውን፡ ተመሃራይ ኣብ ሓደ ደረጃ ትምህርቲ ይምደብ፦

- ደረጃ A፡ ዝለዓለ መምዘኒ ይሓትት
- ደረጃ B፡ ማእከላይ መምዘኒ ይሓትት
- ደረጃ C፡ መሰረታዊ ወይ ትሕት ዝበለ ጠለብ ይሓትት

ተመሃራይ ምስ ግዜ ንብቕዓቱ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ደረጃ ትምህርቲ ክቕይር ይኽእ እዩ።

ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ መንእሰያት ተመሃሮ፡ ናይ መጻኢ ናይ ስራሕ ዕድላቶም ዝድህስስሉ ግዜ እዩ። ሞያ ክመርጹ ከለዉ፡ ሓገዛት ይግበረሎም። ንሳቶም ንዕኦም ዝሕሾም ዓይነት ሞያዊ ትምህርቲ፡ ናይ ስራሕ መሰልጠኒ ቤት ትምህርቲ፡ ወይ ናብ ጅምናስዩም ምኻድ ይውስኑ።

## 2. ገምጋም ተመሃራይ

**መዋእለ ህጻናት**
**መባእታ ደረጃ ትምህርቲ**
**1./2. ክፍሊ**

ቆልዑ ብመሰረት ስነ ሓሳብ ``ምሉእ ገምጋምን ደገፍን`` ይምዘኑ። እዚ ናይ ገምጋም ዝርርብ ክፋል ናይ`ዚ እዩ። ኣብ ግዜ ዝርርብ መምህር፡ ወለዲ (ኣደን ኣቦን) ይሳተፉ።

**3. – 9. ክፍሊ**

ኣብ 3ይ ክፍሊ ንተመሃራይ ነጥቢ ይወሃብ። ዝርርብ ኣብ መንጎ መምህር፣ ወለድን፣ ውላድን፣ ከምቲ ልሙድ፡ እንተወሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ዓመት ይካየድ።

# 3. ናይ ደገፍ ዕድላት

**ውሁድ ደገፍ**

እዚ ውሁድ ደገፍ ማለት ንብምሉኡ ክፍሊ ዝግበር ሓገዝ እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ፡ ቆልዑ ወይ መንእሰያት ፍሉይ ድልየታት ኣለዎም፡ ስለዚ ፍሉይ ሓገዛት`ውን ይረኽቡ። እዚ ንዕኦም ዝወሃብ ፍሉይ ሓገዛት፡

- ናይ ምምሃር ድኻምን ጸገምን ዘለዎም
- ፍሉይ ተውህቦ ዘለዎም
- ድሕረ ባይታ ናይ ወጻኢ ቋንቋ ዘለዎም
- ናይ ባህሪ ጸገማት ዘለዎም

ምኽንያቱ እዚ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ትምህርቲ ዝካየድ ኮይኑ፡ ውሁድ ደገፍ ድማ ይበሃል።

ተወሳኺ ሓበሬታ ንወለዲ ብዛዕባ`ዚ "ውሁድ ደገፍ„ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ቀሪቡ ኣሎ፡- *www.volksschulbildung.lu.ch/if_eltern*

**ጀርመን ከም ካልኣይ ቋንቋ**

DaZ ማለት ኣሕጽሮተ ቃል ናይ „Deutsch als Zweitsprache" ኮይኑ፡ ``ጀርመን ከም ካልእይ ቋንቋ`` ማለት እዩ። እንተድኣ ቆልዑን መንእሰያትን ንቋንቋ ጀርመን ጽቡቅ ገሮም ዘይክእሉም፡ ተወሳኺ ትምህርቲ ይረኽቡ። እዚ መደብ - ጀርመን ከም ካልኣይ ቋንቋ - ብሓባር ወይ ብውልቂ ትምህርቲ ወይ ድማ ብመደብ ውሁድ ደገፍ ንብምልኦም ተመሃሮ ኣብ ክፍሊ ይወሃብ። እቲ ምምሕዳር ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ፡ ነቶም ቆልዑ ዓቕሞም ኣብ ግምት ብምእታው ይምድቦም።

**ኣገልግሎት ቤት ትምህርቲ**

እዞም ናይ ቤት ትምህርቲ ኣገልግሎታት፡ ንቆልዑን፣ መንእሰያትን፣ ወለድን ኣብ ግዜ ጸገማት ሓገዛት ይገብር። እዚ ሓገዝ ብነጻ ይወሃብ።

ሓላፍነት፡-

- ናይ ሳይኮሎጂ ኣገልግሎት ኣብ ቤት ትምህርቲ - ነቶም ናይ ምምሃር ወይ ናይ ባህርይ ጸገም ንዘለዎም ሓገዝ ይገብር።
- ናይ ሎጎፐዲ ኣገልግሎት - ነቶም ናይ ቋንቋን ዘረባን ጸገም ዘለዎም ሓገዝ ይገብር።
- ናይ ሳይኮሞቶር ክፍሊ ተራፒ - ነቶም ንእስ ዝበለን ዕብይ ዝበለን ናይ ኣእምሮ ምዝንባል ንዘለዎም ሓገዝ ይገብር
- ማሕበራዊ ጉዳይ ቤት ትምህርቲ - ኣብ ማሕበራውን ትምህርታውን ዘተኮሩ ሕቶታት ምኽሪ ይህብ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ንወለዲ ብዛዕባ ብውልቂ ዝወሃብ ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት፡ ብዝተፈላለዩ ቋንቋታት ቀሪቦም ኣሎ፡- *www.volksschulbildung.lu.ch/schuldienste_eltern*

**ፍሉይ ትምህርቲ**

ቆልዑን መንእሰያትን፡ ክብድ ዝበለ ጸገማት ናይ ኣእምሮ፣ ኣካላት፣ ምዝራብ፣ ምስማዕ፣ ምርኣይ፣ ወይ ባህርያዊ ስክልና ንዘለዎም ኩሎም፡ ፍልይ ዝበለ ትምህርቲ የድልዮም።

ንሳቶም፡ ኣብ ከምዚ ጉዳይ ብክኢላታት ይመርመሩ፡-

- ብናይ ሳይኮሎጂ ኣገልግሎት ቤት ትምህርቲ ወይ
- ብፍሉይ ኣገልግሎት ንተወሳኺ ትምህርቲ መመርመሪ ክፍሊ ኣገልግሎት ናይ ሞያ ቤት ትምህርቲ

እንተድኣ እቶም ክኢላታት፡ ነቶም ቆልዑ፡ ፍሉይ ወይ ትሕት ዝበለ ትምህርቲ ክወሃቦም ኣለዎ ኢሎም፡ ሓሳባት ኣቕሪቦም፡ እቶም ቆልዑ ኣብቲ ልሙድ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ`ዚ ትሕት ዝበለ ቤት ትምህርቲ ይመሃሩ። እቲ ክፍሊ ኣገልግሎት ሞያዊ ትምህርቲ፡ ነዚ ፍሉይ ትምህርቲ፡ ይውስን።

# 4. ብወለንታ ዝካየዱ መደባት

**ኮርስ ናይ  ኣደ ቋንቋን ባህልን**

እዞም ኮርሳት ናይ ኣደ ቋንቋን ባህልን፡ ንቆልዑን መንእሰያትን፡ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ቋንቋ ንኽኽእሉ ዝዓለሙ እዮም።

ዕላምኡ፡-

- ንቋንቋ ኣዲኦም ንኸጽርዩ ምሕጋዝ
- ናይ መበቆል ዓዶም ባህሊ ብዝበለጸ ንኽፈልጡ፤ ንእብነት፡- ታሪኽ፣ ጆግራፍ፣ በዓላት፣ ሙዚቃን ካልእ ልምድታትን

እዞም ኮርሳት ብወከልቲ ቆንስላትን ብሕታውያን ማሕበራትን ዝካየዱ እዮም። ምዝገባ ብቀጥታ በቲ ወኪል ናይ ቋንቋ ሓላፍነት ዝወሰደ ኣካል ይካየድ። እዞም ኮርሳት ብወለንታ ዝካየዱ እዮም።

ሓበሬታ ንወለዲ፡ ብዛዕባ ቋንቋ ኣደን ባህልን፡ ከምኡ`ውን ናይ መመዝገቢ ፎርም፡ ኣብ ኢንተርነት ክትረኽቡ ትኽእሉ፡-

*www.volksschulbildung.lu.ch_HSK*

**ናይ ምንባይ ኣገልግሎት**

ኣብያተ ትምህርቲ ዝተፈላለየ ናይ ምንባይ ኣገልግሎት፡ ካብ ሰዓታት ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ይህባ። እቶም ወለዲ ድሌት እንተዳኣ ኣለዎም ኮይኑ፡ ቆልዑ ኣብ ግዜ ትምህርቲ፡ ካብ ሰዓት 7 ናይ ንግሆ፣ ኣብ ግዜ ምሳሕ፣ ከምኡውን ድሕሪ ቀትሪ ክሳብ ሰዓት 6፡00 ኣብ ቤት ትምህርቲ ክእለዩ ይኽእሉ። ነዚ ወጻኢታት፡ ወለዲ እትዋቶም ኣብ ግምት ብምእታው፡ ይኸፍልዎ። ሓበሬታ ብቀረባ ካብ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ክርከብ ይከኣል።

**ናይ ሙዚቃ ትምህርቲ**

ገማይንደታት ሓደ ናይ ሙዚቃ ትምህርቲ ምስ እዞም ኣብ ታሕቲ ዘለዉ ዕድላት ይህብ፡-

- ሙዚቃን ምንቅስቃስን (ናይ ሙዚቃ መባእታ ትምህርቲ)
- ናይ ሙዚቃ መሳርሕን ናይ መዝሙር ትምህርትን
- ናይ ሓባር መዝሙርን ጉጅለ ሙዚቃን

ወለዲ ነዚ ናይ ሙዚቃ ትምህርቲ ይከፍሉ። ዝኾነ ሰብ፡ ናብቲ ኣብ ገማይንደታት ዝርከብ ምምሕዳር ናይ ሙዚቃ ቤት ትምህርቲ ብቀጥታ ብምኻድ ክምዝገብ ይኽእል።

# 5. ዕረፍቲ

**ናይ ትምህርቲ ዕረፍቲ**

ኩሎም ተመሃሮ፡ ኣብ ዓመት፡ 14 ሰሙን ናይ ትምህርቲ ዕረፍቲ ኣለዎም።

- ኣብ ቆውዒ፡-  2 ወይ 3 ሰሙን
- ኣብ በዓል ልደት፡- 2 ሰሙን
- ኣብ በዓል ፋስናኽት፡- 2 ሰሙን ብሓንሳብ ወይ ድማ 1 ሰሙን በዓል ፋስናኽት፣ 1 ሰሙን ድማ ናይ ስፖርት ዕረፍቲ ተባሂሉ ይኽፈል።
- ኣብ ጽድያ፡- 2 ሰሙን
- ኣብ ሓጋይ፡- 5 ወይ 6 ሰሙን

እቲ ልክዕ ዕለታት ብገማይንደ ይስራዕ። ናይ ገማይንደ ናይ ዕረፍቲ መደባት ኣብ ኢንተርነት፡ *www.volksschulbildung.lu.ch/schulferien_eltern*

**ነጻ መዓልታት**

ብድሕሪ በዓላት ዕርገትን “ኣውፍፋርት” ከምኡ`ውን “ፍሮንላኽናም” ዘለዋ መዓልታት ትምህርቲ የለን።

**ዕረፍቲ ምሕታት**

ወለዲ እንተድኣ ካብዚ ናይ ቤት ትምህርቲ ዕረፍትን ወግዓውያን በዓላትን ወጻኢ ዕረፍቲ ደልዮም፡ ብጽሑፍ ከቕርቡ ኣለዎም፡- ክሳብ 3 መዓልቲ እንተኾይኑ ናብ መምህር ብምኻድ፡ ካብ 3 መዓልቲ ንላዕሊ እንተኾይኑ ድማ ናብ ምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ብምኻድ የመልክቱ።

## 6. መሰልን ግዴታን ወለዲ

ትምህርቲ፡ ኣብ ኩለን ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ ብነጻ ይወሃብ። ኩሎም ቆልዑን መንእሰያትን ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸዱ ግዴታ ኣለዎም። ወለዲ ደቆም ንቤት ትምህርቲ ክሰዱ ሓላፍነት ኣለዎም። ወለዲ ንውላዶም ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድን፡ እኹል ዕረፍትን ክንክንን ንክህልዎም የረጋግጹ። ንሳቶም ምስ መማህራንን ምምሕዳር ቤት ትምህርትን ብሓባር ኮይኖም ይሰርሑ።

**ናይ ገምጋም ዝርርብ**

እንተዋሓደ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ፡ ሓደ መምህር ንወለዲ ምስ ውላዶም ናይ ትምህርቲ ገምጋም ንምግባር ይዕድም። እቲ መምህር ምዕባለታት ተመሃራይ ይገልጽ። እቲ ተመሃራይ ድማ ብወገኑ ኣብ ትምህርቲ ዘካይዶም ንጥፈታት ይገልጽ፡ ወለዲ ድማ ይዕዘቡ። ተሳታፍነት ኣብዚ ናይ ገምጋም ዝርርብ ግድነት እዩ።

**ንጥፈታት ቤት ትምህርቲ**

ዑደት፣ መገሻ ቤት ትምህርቲ፣ መዓልታት ስፖርት፣ መዓስከር ክፍሊ፣ ናይ ፕሮጀክት ሰሙን...ወዘተ፡ ግዴታ ንጥፈታት ናይ ቤት ትምህርቲ እዮም። ወለዲ ብመማህራን ኣቐዲሞን ይሕበሩ።

**ዕዮ ገዛ**

ቆልዑ ባዕሎም ክሰርሕዎ ዝኽእሉ ዕዮ ገዛ ይወሃቦም። እንተድኣ ወለዲ ኣብቲ ዕዮ ገዛ ናይ ደቆም ተገዳስነት ኣርእዮም፡ ከምኡ`ውን ደቆም እንታይ ከምዝማሃሩ ተኸታቲሎም ነቶም ቆልዑ ሓጋዚ ይኾውን። እንተድኣ ቆልዑ ድሕሪ ትምህርቲ ተወሳኺ ሓገዝ ኣለዎም ኮይኑ፡ ብዝምልከቶ ኣካል፡ ነቲ መልሲ ዕዮ ገዛ ምክትታል ይግበር።

**መገዲ ቤት ትምህርቲ**

እዚ መገዲ ቤት ትምህርቲ ማለት ካብ ገዛ ናብ ቤት ትምህርቲ ዝወስድ መስመር መገዲ ማለት እዩ። እቶም ወለዲ ነዚ ይቆጻጸሩን ሓለፍነት ይወስዱን። ውላዶም ብኸመይ መገዲ ናብ ቤት ትምህርቲ ይኸይድ`ውን ባዕሎም ይውስኑ፡- ብእግሪ፣ ብብሽግለታ፣ ብኣውቶቡስ። ከምኡ`ውን ወለዲ፡ ካብ ስሩዕ መደብ ትምህርቲ ወጻኢ ዝኾኑ፡ ብወለንታ ዝግበሩ ነገራት፡ መገዲ ውላዶም፡ ናይ ምቁጽጻር ሓላፍነት ኣለዎም።

**ትምህርቲ ሃይማኖት**

እዘን ህዝባውያን ኣብያተ ትምህርቲ፡ ካብ ሃይማኖት ነጻ ዝኮነ ትምህርቲ ይህባ። ወለዲ ንደቆም ናይ ትምህርቲ ሃይማኖት ክመሃሩን ዘይክመሃሩን ባዕሎም ይውስኑ። እዚ ትምህርቲ በቶም ናይ ሃይማኖት ሓለፍቲ ይወሃብ። መንእሰያት ዕድመኦም ካብ 16 ዓመት ንላዕሊ ምስ ዝኸውን፡ ናብ ትምህርቲ ሃይማኖት ምኻድን ዘይምኻድን ድሌቶም ባዕሎም ይውስኑ።

## 7. ተወሳኺ ሓበሬታ ንወለዲ

| | |
|---|---|
| **ናይ ኢንተርነት ገጻት** | ሓበሬታ ንወለዲ ብቛንቛ ጀርመን<br>*www.volksschulbildung.lu.ch/schulsystem*<br><br>ዝተተርጎመ ዶኩመንት ንወለዲ፡ ጽማቕ<br>*www.volksschulbildung.lu.ch/uebersetzungen_eltern* |
| **ብቀረባ ዝሕተት ሰብ ንወለዲ** | ወለዲ፡ ንመማህራንን ንሓለፍቲ ምምሕዳር ቤት ትምህርትን፡ ብቀረባ ክሓትዎም ወይ ክረኽብዎም ይኽእሉ። |
| **FABIA** | (FABIA) - ፍሉይ ማእከል ምኽርን ውህደትን ንወጻእተኛታት ዘገልግል፡ ነጻ ዝኾነ ትካል እዩ። እዚ ትካል ንኹሎም ተዛረብቲ ቛንቛ ጀርመን ዘይኮኑ፡ ሕቶታት፣ ጸገማት፣ ወይ ሽግራት፣ ምስዝህልዎም፡ ብነጻ ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ይህብ።<br><br>*www.fabialuzern.ch* |

KANTON LUZERN

Bildungs- und Kulturdepartement
**Dienststelle Volksschulbildung**
Kellerstrasse 10
6002 Luzern

www.volksschulbildung.lu.ch
2018-156/151627

August 2015